






# <u>ህዝባዊ ሰሚናር ኣብ ኢጣልያ</u>

ብዕለት 02/ሕዳር"2014 ኣብ ከተማ **ሚላኖ** ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር: **ብኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ** ተኻይዱ። ኣብዚ ከባቢ ሽሕ ህዝቢ ዝተኻፈሎ ዓቢ ሰሚናር: ኣምባሳደር ፍስሓጼን ከኣቱ ኸሎ ኩሉ ተኻፋላይ ካብ ቦትኡ ተሲኡ ብዕልልታን ጣቕዒትን እንቓዕ ደሓን መጸእኻ ብምባል ምውቕ ኣቓባብላ ገይሮሉ። ገዳይም ተቓለስቲ ኣዴታት ከኣ ዕታር ዕንባባ ኣቕቢለንኦ። ኣምባሳደር ብዝተገበረሉ ምዉቕ ኣቀባብላ ብምምስጋን ኣብ ኣቕዲሙ ዝተምሃርክሉን ዝሰርሓሉን ዝነበርኩ ሃገር ኣብ መንንኹም ኮይነ ምሳኹም ክሰርሕ ኣብ ኢጣልያ ምምዳበይ ሕጉስ ኢየ: ናይ ሓባር ጽቡቕ መጻኢ ይግበረልና ብምባል 3 ኣገደስቲ ነጥብታት ዝሓዘ ሰሚናሩ ጀሚሩ።

1. ህሉው ኩነታት ሃገር፥
   - ፖሎቲካዊን ዲፕሎማስያውን ንጥፈታት
   - ቁጠባውን ልምዓታውን መደባት
   - ምርግጋጽ ምዕሩይ ዝርጋሐ ማሕበራዊ ፍትሒ
2. ኣብ ልዕሌና ዝካየድ ስነ ኣእምራዊ ኩናትን: መኸተ ብህዝብናን መንግስትናን
3. ኣገልግሎት ቆንስላውን ህዝባውን ጉዳያት።

ኣብዘን 3 ዝተጠቕሳ ዓበይቲ ነጥብታት ኣስፊሑ ብዝርዝር ብምግላጽ: ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩሉ መዳያት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ሕርሻ: ትሕቲ ቅርጺ: ትምህርቲ: ሕክምና ተዓሚሞም ዘለው ዓበይቲ ስርሓት ዝተዓወትናሎምን ጌና ኣብ መስርሕ ዘለዉን: ከምኡ ውን ኣብ ኤርትራ ዘለው ጸገማትን ዝርኣዩ ሕጽረታትን: ህዝቢ ዘዕዘምዝመሎም ኣብ ምሕደራ ዝጸንሑ ሃጓፋትን: ኣስፊሑ ብምግላጽ ንምዕራዮም ዝውሰድ ዘሎ ሓያል ተበግሶታት ብሰፊሕ ገሊጽዎ።ሓይልና ከም ኩሉ ግዜ ኣብ ሓድነትናዩ ድሕሪ ምባል: ጸላእትና ብሓድነትና ስለ ዝርዕዱ ዝተፈላለዩ ውዲታትን ሓሶታትን እናኣለሙ ከዳኽሙና ስለ ዝሓልሙ: ክንነቕሓሎምን: ክንጸንዕን ዉዳቤና ብምሕያል ክንምክቶምን ይግባእ ኢሉ መኺሩ። ኣብ ጉዳይ እገዳ: እቲ ተቓጻጻሪ ሽማግለ ኤርትራ ንኣልሻባብ ትሕግዝያ ዝብል ዝኾነ መርትዖ ከም ዘይረኸበ ተኣሚኑ ከብቅዕ: ባይቶ ጸጥታ ኣብ ክንዲ እገዳ ዘልዕሎ: ነቲ ተቖጻጻሪ ሽማግለ ንዓመት ዕድሚኡ ከም ዝናዋሕ ምግባሩ: ንኤርትራ ንምድኻም ዝወሰዶ: ንሕቡእ ፖሎቲካዊ ዕላምኡ ዘቓልዕ ጥራይ ኢዩ ብምባል ኣብሪሁ ገሊጽዎ።

ካብ ህዝቢ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብዘዕግብ መሊሹ፥ እቲ ኩሉ እዋን ዝልዓል ናይ ህንጻ ኣባይቲ ሕቶ ውን: እቲ ዝትከል ዘሎ ናይ ፕረፋብሪክ ስራሕ ኣብ ምውድኡ ተቐራሪቡ ስለ ዘሎ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ስርሑ እንተደኣ ጀሚሩ: እቲ ዝስራሕ ገዛውቲ ኣብቲ ዝተመደበሉ እዋን ንኽቐረብ ብተስፋ እንጽበዮ ኢዩ ብምባል መሊስዎ።

ንጸጋታት ዕደና ዝቐረበሉ ሕቶታት፥ ቁጠባዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ርእሰኻ ምኽኣል ኮይኑ ኣብ ስራሕን ዓያይነት ዜጋታቱ'ዩ ዝምርኮስ። ካብ ዕደና ዝርከብ ጸጋታት ናይዚ ሎሚ ዘሎ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መጻኢ ወለዶታት ውን ስለ ዝኾነ: ካብኡ ዝርከብ ጸጋታት ኣብ ምዕባለ ትሕቲ ቅርጺን ምምሕያሽ ቁጠባ ሃገርን ከም ዝውዕል ብብሩህ መሊስዎ።

ኣብቲ 3ይ ናይ መወዳእታ ኣርእስቲ፥ ዝዓበየ ጸጋ ናይ ኤርትራ ህዝባ'ዩ: ህዝቢ ዘይሳተፎ መደብ ከኣ ኣይዕወትን ኢዩ:። ኣብ ኤምባሲን ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈታትና ንህዝቢ ዝግበር ኣገልግሎት: ህዝቢ ግቡእን ስሉጥን ኣገልግሎት ክረክብ: ንህዝቢ

ብፍሕሹው ገጽ ክንቕበሎን ክነገልግሎን ሓላፍነትና ኢዩ። ኣብ ስራሕ ዝርኣዩ ጉድለታት እንተልዮም ብምርድዳእ ዘይፍታሕ ነገር የሎን: ብምባል ህዝቢ ዝዓገበሉ ምቕሉል መልስታት ኣቕሪቡ።

ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘስምዖ ቃል፥ ሓያላት ኮንና ኣብቲ እንደልዮ ሽቶ ክንበጽሕ ከምቲ ናይ ቀደምና ክብርታትና ብግቡእ ክሕለዉን ክንሰርሓሎምን ነዞም ዝስዕቡ ከነቕድም ይግባእ፥

ካብ ጸቢብ ስምዒታት ርሒቕና: **ሃገር ቅድሚ ኩሉ ክትስራዕ ኣለዋ:** ዕጥቅና ፥ ዕጥቂ ሓድነት: ተወፋይነት: ስራሕ: ትምህርቲ: ፍልጠት: ድልዉነት: ኒሕ: ተጻዋርነት: ክኸውን ኣለዎ ብምባል ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኢጣልያ
(ናይ መድያን ጎስጓስን ኮሚቴ- ኢጣልያ)















